ስሉሳዊ ርክብ መራሕቲ

ኤርትራ፡ ግብጽን ሶማልን

ሓባራዊ መግለጺ



1. ክቡር ፕረዚደንት ሃገረ ኤርትራ ኣቶ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ንፕረዚደንት ሪፓብሊክ ግብጺ ክቡር ዓብዱልፋታሕ ኣልሲሲን ፕረዚደንት ፈደራላዊት ሪፓብሊክ ሶማል ክቡር ሓሰን ሼኽ ማሕሙድን ብዝገበሮ ዕድመ መሰረት፡ ሰለስተና መራሕቲ ኣብ ኣስመራ - ርእሰ ከተማ ኤርትራ ተራኺብና፡ ኣብ ውሽጢ ርቡጽ ዓለማውን ዞባውን ምዕባለታት፡ ዓሚቑን ሰፊሕን ስሉሳዊ ምምኽኻር ኣካዪድና።

2. መራሕቲ ሰለስቲኦን ሃገራት፡ ምኽባር ንጹር መወከሲ መትከላት ኣህጉራዊ ሕጊ መሰረት ዞባዊ ርግኣትን ምትሕብባርን ምዃኑ ብምግንዛብ፡ ልኡላውነት፡ ናጽነትን ውህደትን ሃገራት ክኽበር፥ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት ሃገራት'ዚ ዞባ ዘይምትእትታውን ምግታእ ምትእትታውን፥ ሓባራዊ መኸተ ንርግኣት ክሕይል፥ ከምኡ'ውን ንዘላቒ ሓባራዊ ልምዓት ባይታን ሃዋህውን ንምፍጣር ዓቕሚታትና ክነወሃህድ ተረዳዲእና።

3. ሃገራዊ ትካላት ሶማል፡ ውሽጣውን ግዳማውን ብድሆታት ንምምካት ዘኽእል ዓቕሚታት ንኽድልብ፥ ሃገራዊ ፈደራላዊ ሰራዊት ሶማል ኩሉ ዓይነታት ግብረ-ሽበራ ንምግታእ ዘኽእል ዓቕሚ ንኽጥሪ፥ ከምኡ'ውን መሬታውን ባሕራውን ዶባቱ ንኽሕሉን ልኡላውነት ሃገሩ ንኽዕቅብን፡ ኣብ መንጎ ሰለስተአን ሃገራት ዝግበር ምትሕግጋዝ ክምዕብል፡ ክዓምቑን ክወሃሃድን ከምዘድሊ ተገንዚብና።

4. ኣብ'ዚ ስሉሳዊ ርክብ፡ ብፍሉይ ዝተዘርበሎም ጉዳያትን ዝተበጽሐ ሓባራዊ መረዳእታን፦ • ቅልውላው ሱዳን ምስ ፍሉይነት ዞባዊ ኣመታቱ፥ • ኩነታት ሶማል ምስ ፍሉይነት ስትራተጂያዊ ኣገዳስነቱን ኣመታቱን፥ • ጉዳይ ጸጥታን ምትሕብባርን መዳውብቲ ቀይሕ ባሕሪን ባብ ኤልመንደብን ዝኾና ሃገራት፡

ምስ ውሁብ ኣገዳስነቱ ከም ኣህጉራዊ ማያዊ መስመር፣ • ምውህሃድ ዲፕሎማስያዊ ጻዕሪታት ሰለስቲኦን ሃገራት፣

5. ሃገረ ኤርትራን ሪፓብሊክ ግብጽን፡ ርግኣት ሶማል ንምርግጋጽን ዓቕሚታት ፌደራላዊ መንግስቲ ንምዕዛዝን ንዝገብርኦ ዘለዋ ጻዕሪ ብምድጋፍ፡ ሪፓብሊክ ግብጺ ኣብ ሶማል ሰላም ንምዕቃብ ኣብ ዝካየድ ጻዕሪ ኣበርክቶ ንምግባር ንዝወሰደቶ ተበግሶ ነመጒስ።

6. ኣብ ኩሉ መዳያት ዝህሉ ስትራተጂካዊ ምትሕግጋዝ ንምድንፋዕ፡ ሚኒስተራት ጉዳያት ወጻኢ ኤርትራ፡ ግብጽን ሶማልን ዝኣባላታ ስሉሳዊት ኮሚተ ክትቀውም ተሰማሚዖና።

ኣስመራ 10 ጥቕምቲ 2024